ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ ሕርሻ ዉቅሮ ኣብ በጀት ዓመት 2012ዓ/ም ንምምሃር ምስትምሃር ዝዉዕሉ ቀወምትን ሃለቅትን ንብረታት ማለት መሳርሒ ፅሕፈት፣ ናይ ተሽከርከርቲ ዘይትን ቅብኣትን ፣ መሳርሒ ህንፃ፣ ናይ መኪና ጎማ ፣ ናዉቲ ፅሬት ፣ ኣቅሑ ኤሌክትሪክ፣ መድሓኒት እንስሳት፣ ኣቅሑ ሳይክል፣ ኣቅሑ ላብራቶሪን ኬሚካላትን፣ ሽቀጣ ሽቀጥ፣ ብግልፂ ጨረታ አወዳሩ ክዕድግ ስለዝደለየ ሕጋዉያን ነጋዶ ክትወዳደሩ ይዕድም

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ የካቲት 16, 2012 (ልዕሊ 6 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሰሉስ መጋቢት 1, 2012 03:10 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሰሉስ መጋቢት 1, 2012 03:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ መለዋወጢ ኣቁሑት ተሽከርከርቲ/ ናይ ስፖርት ዕጥቅን ተዛመድቲ አቁሑትን/ ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ኤሌክትሪካልን መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ ኬሚካልን ሪኤጀንት/ ላብራቶሪይን መሳሪሒታተ/ ናይ እንስሳት ምድሃኒታትን መሳሪሕታትን/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

1 ናይ 2012 ዓ/ም ዝታሐደሰ ምስ ዘቅርብዎ ንብረት ዝተሓሓዝ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ መረዳእታ ፎቶ ኮፒ

2 ንግብሪ ከፈልቲ ዝወሃበ መለለይ ቁፅሪ ቲን መረዳእታ ፎቶ ኮፒ

3 ናይ 2012 ዝተሓደሰ መቕረባይነት መረዳእታ ፎቶ ኮፒ ኣተሓሒዞም ከቕርቡ ይግባእ

4 መሳርሒ ፅሕፈት ፣ ናይ ላብራቶሪ ኣቅሑትን ኬሚካላትን ንምቅራብ እትወዳደሩ ኣብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩም ምካንኩምን ናይ ወርሒ ታሕሳስ 2012ዓ/ም ሒሳብ ዘወራረድኩምሉ መረዳእታ ተቅርቡ

5 ንሕድሕድ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 30 ቅርሺ ብምክፋል ካብ ፖሊ ቴክኒክ ሕርሻ ዉቅሮ ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምም/ር/ን ቢሮ ቁፅሪ 23 ብምዉሳድ ዝወዳደርሉ ዋጋ መሊእካ ኣብ ዉሽጥን ኣብ ልዕሊ ፖስታን ስሞሙን ኣድራሾኦምን ፂሒፎም ፌርሞምን ማህተም ጌሬም ብዝተዓሸገ ፖስታ ዋናን ቅዳሕን ብምግባር ክሳብ 01/07/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡00 ዝተዳለየ ሳንዱቅ ጨረታ ምእታዉ ይክእሉ

6 ሳንዱቕ ጨረታ ዝዕሸገሉ ዕለት 01/07/2012ዓ/ም ሰዓት 3፡10 ኮይኑ በቲ ዕለት ሰዓት 3፡30 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኮልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት

7 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ መኽበሪ ጨረታ ዝከዉን ፣ መሳርሒ ፅሕፈት5000.00 ቅርሺ ፣ ንኣቅሑት ኤሌክትሮኒክስ 2500፣ ናዉቲ ፅሬት 500፣ መድሓኒት እንስሳት 1000.00፣ ናይ ተሽከርከርቲ ዘይትን ቅብኣትን 3000.00፣ መሳርሒ ህንፃ1500.00፣ ኣቅሑ ላብራቶሪን ኬሚካላትን4000.00፣ ናይ መኪና ጎማ 2000.00 ፣ኣቅሑ ሳይክል1000.00 ፣ ሽቀጣ ሽቀጥ500.00፣ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብስፒኦ ከቅርቡ ዝክእሉ

8 ሰዓራይ ካብ ምካኖም ዝተገለፀሎም ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 3ተ ናይ ስራሕ መዓልቲታት ናይ ዘቅርብዎ ንብረት ዋጋ 10 ሚኢታዊ ዉዕሊ መኽበሪ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብስፒኦ ኣትሒዞም ዉዕሊ ብምእሳር ኣብ 12 ተከታታሊ መዓልቲ ብናይ ባዕሎም መፅዓንን መራገፍን ንብረት ናብ ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ ሕርሻ ዉቅሮ ኣታዊ ዝገብሩ

9 እቲ ኮሌጅ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ
ንተወሳኪ ሓበሬታ 03 44 43 05 65 ደዊልካ ምሕታት ይካኣል

---

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle